# ፯ ሰንበት ዘትንሣኤ
## ሰነ 2 2016 ዓ.ም. (6/9/ 2024)

**መዝሙር፡** ፋሲካ ዛቲ ዕለት ቅድስት ይእቲ ፋሲካ...ፋሲካ ቅድስቲ ዕለት እያ፥ ፋሲካ ብአአ ንተሓጎስን ደስ ይበለናን፥አብ ፋሲካ ንዘናጋዕን ነዕርፍን፥ሰማይን ምድርን ብአአ ይሕጎሱ፥ ፋሲካ ፋሲካ ፋሲካ ተዝካር ትንሣኤ መድኃኒና.

**ንባባት፡** 2ቆሮ 5፡1-10፥ 1ጴጥ 4:7-10; ግ.ሓ. 10:39-43፥ ዮሓ 15:9-17

**ምስባክ:** በልዑ ወጸግቡ ጥቀ፥ወወሃቦሙ ለፍትወቶሙ፥ወኢይኅጥኡ እምዘ ፈቃዱ። በልዑን አዝዮም እውን ጸገቡ፥ዝተመነይዎ ሃቦም፥ ካብቲ ዝተመነይዎ አይከልከሎምን። መዝ። 78፡29

አብዚ ፯ይ ሰንበት ዘትንሣኤ እነብዕሎ ፍቕሪ አምላኽ ብመስዋዕቲ ዝግለጽን ሓባራዊ ከም ዝኾነ ኢና እነስተንትን። አምላኽና ንኹልና ብሓባር ዘፍቅር ብነጻ ኸአ ፍቕሪ ንነፍስወከፍና ብቤተክርስትያንን ብወለድናን ገሩ ብዘይአፈላላይ ይገልጸልና። እቲ ዝለዓለን ዝበለጸን መግለጺ ፍቕሪ አምላኽ ብኢየሱስ ክርስቶስ እዩ። ከምኡ ብወለድና እቶም አብ ምፍጣርና ምስ አምላኽ ዝተሓባበሩ ተገሊጹ።

አብ ኩሉ ንባባትና ዝግለጾ ብዛዕባ ፍቕሪ እዩ። እዚ ፍቕሪ አምላኽ ንኹልና ዘጠቓልል ኮይኑ ብወገና ኸአ በቲ አብ ነንድሕድና አብ እንርእዮ ከም መስዋዕቲ ከምቲ ክርስቶስ ምእንታና ዘርአዮ ክነርኢ ዝሓትት እዩ። ፍቕሪ አምላኽ አብ ደቂ ሰብ ምስታ ሓንቲ ወላዲት አብ ውሉዳ እተርእዮ ፍቕሪ ጥራሕ እዩ ክነጻጸር ዝኽእል (ኢሳ 49፡15)። አብ ሓደ መዝሙር ከም ዝዝመር ፍቕሪ ኢየሱስ አዝዩ ዘገርም እዩ፥ አዝዩ ገፊሕ ካብኡ ክወጻእ ዘይክኣል፥ አዝዩ ነውሕ ከተርክቦ ዘይክኣል፥ አዝዩ ዓሚቕ ክትበጽሖ ዘይክኣል ብጣዕሚ ዘገርም ፍቕሪ. . .ፍቕሪ ክርስቶስ ዝወዳደሮ የብሉን። አምላኽ ንክርስቶስ አፍቂርዎ ክርስቶስ ከአ ንአና አፍቂሩና። ነቲ ሰንሰለት ፍቕሪ ክንቕጽሎ አሎና ንኸማና ዝአመሰሉ ሰባት ብምፍቃር።

አመሓላለፍቲ ፍቕሪ ክንከውን እዩ ድላይ አምላኽ እዚ ኸአ አብቲ አምላኽ አብ ርእሱን አባና ዘርአዮ ፍቕሪ ዝተመስረተ እዩ። ፍቕሪ ንርእስኻ ጥራሕ ሒዝካዮ እትነብር አይኮነን አብ ግብሪ ኽግለጽ አለዎ። ዋንኡ አምላኽ ዝኾነ ፍቕሪ ንሓደ ክነፍጎ አይግባእን። ዘየፍቕር አምላኽ ምስኡ የለን፥ ዘየፍቅር ሕጉስ አይኮነን ብአምሰሉ እዩ ዝጉዓዝ ስለዚ ነቲ አምላኽ አባና ዘርእዮ ፍቕሪ ርኢና ንሕና ኸአ ንኻልኦት ክነፍቅሮም በአና አቢሉ አምላኽ ክበጽሖም ክነፍቅድ አሎና።

አብ ዝተነበ ካብ ግ.ሓ. ቆርነሌዎስ ምስ ኩሎም ስድርኡ አረማዊ እንከሎ ቀልጢፉ መንፈስ ቅዱስ ተቐቢሉ። ጴጥሮስ ነዚ ክገልጽ እንከሎ አብ ቅድሚ አምላኽ ዝያዳ ዝፍቶ ወይ ብፍሉይ ዝሕለየሉ የለን። ብኻልእ አዘራርባ ፍቕሪ አምላኽ ሓባራዊ ንኹሉ ብሓደ እዩ ዘፍቅረና አብኡ ዓለት ሃይማኖት ወይ እውን ብግብርና አየፍቅርን እዩ። ሓንቲ ንሱ ንሕና ክንገብራ ዝደልያ ፍቕሩ ተቐቢልና አብኡ ክንመጽእ። ፍቕሪ አምላኽና ከም ማግነት ክስሕበና ይግባእ። አብ ቅድሚ አምላኽ ደው ክንብል እንከሎና ኩሉ ኩነትና ፍቕሩ አባና ክርአ እንተ ተኻእለ ምስኡ አሎና ማለት እዩ። ንአምላኽ ዘፍቅር መጀመርያ ዝገብራ ንኃጢአት ንክፍአት ካብኡ የርሕቕ ንኻልኦት ወላ ክፉእ እንተ ገበርዎ ጽቡቕ ይፈዲ።

ከነፍቅር እንከሎና ጥራሕ ኢና አርአያን አምሳልን አምላኽ ምዃና እንገልጽ። ዘፍቅር ወዲ አምላኽ እዩ፥ ዘየፍቅር ሓሳዊ እዩ። ሎሚ ብኸመይ ንልለ። ምስ ሰባት ብኸመይ ንፈልጦምን ንቐርቦምን። ርክባትና ከመሎ አብ ገዛና አብ ስራሕና ምስ ቤተ ሰብና አብ ቍምስናና ወዘተ ነዚን ካልእን ርኢና ክንክእል አሎና፥ ነዚ ርኢና እንተ ከአልና ጥራሕ ኢና አብ አምላኽ እንምለስ።

ዮሓንስ ኣብ መልእኽቱን ኣብ ወንጌሉን ዘዘኻኸረና ክርስቶስ ክሳብ ክንደይ ከምዘፍቀረና ርኢና ክንክእል እዩ። ኣብ ፍቕሪ ኣምላኽ ክነብር ኣብ ነንድሕድና ኸአ ፍቕሪ ክነዘውትር እዩ። ፍቕሪ ዝኾነ ኣምላኽ ብኣርኣያኡን ኣምሳሉን ገሩ እዩ ፈጢሩና፥ በዚ ምኽንያት ከአ ነቲ ዝገለጸልና ፍቕሪ ኣብ ካልኦት ክንገልጾን ክነመሓላልፎን እዩ ዝደልየና። ከምዚ ክንገብር እንከሎና ጥራሕ እዩ ብምሉእ ብኣምሳል ኣምላኽ ከም ዝተፈጠርና ክንገልጽ እንኽእል ምኽንያቱ ኣምላኽ ፍቕሪ እዩ። ክነፍቅር እንከሎና ከም ኣምላኽ ኢና እንኸውን። ኣብ ነንድሕድና ክንፋቐር እንከሎና ንመንግስቲ ኣምላኽ ኢና እነስፍሕ ዘሎና። ነዚ ፍቕሪ ኣምላኽ ክንገልጽ እንከሎና ነቲ ኣባና ሓዲሩ ዘሎ ፍቕሪ ኣምላኽ ንምስክር።

ወንጌል እምብኣር ነንድሕድና ክንፋቐር ትእዛዝ እምበር ምኽሪ ከምዘይኮነ ይገልጸልና። ንሓድሕድኩም ክትፋቐሩ እዚ እእዝዘኩም ኣሎኹ። እቲ ምኽንያት ቀሊል እዩ፥ ንሕና ንርእስና ፍረ ፍቕሪ ኢና። እዚ ፍቕሪ ዝመሓላለፈሉ መገዲ ኸአ ካብ ኣምላኽ ናብ ክርስቶስ ካብ ክርስቶስ ከአ ናባና። ከምኡ ብኻልእ ኣገላልጻ ካብ ኣምላኽ ናብ ወለድና፥ ካብ ወለድና ኸአ ናባና። በዚ ምኽንያት እዩ ሎሚ ክርስቶስ ከምቲ ኣቦ ዘፍቀረኒ ኣነውን ኣፍቀርኩም እየ፥ ኣብ ፍቕረይ ንበሩ (ዮሓ 15፡9) ዝብለና። ኣብ ካልኦት ከየመሓላለፍና ክንተርፍ ሓንቲ ምኽንያት የብልና፥ ነቲ መራኸቢ ሰንሰለት ክንቆርጾ የብልናን። ኣብ ሰባት ፍቕሪዶ ኣመሓላልፍ ኣሎኹ ወይስ ጽልኢ ኢልና ንርእስና ክንርኢ ክንክእል ኣሎና።

እዚ እንዛረበሉ ዘሎና ፍቕሪ ልዕሊ ስምዒት ዝኸይድ እዩ። እዚ ኢየሱስ ዝብለና ዘሎ ፍቕሪ ኣብ መስዋዕቲ ዝተመስረተ ፍቕሪ እዩ ብርቱዕ ስምዒት ከሰንዮ ይክእል እዩ እንተኾነ ንፍቕሪ ጽኑዕን መስዋዕታውን ዘይቅየርን ዝገብሮ ሕልናዊ ተወፋይነት እዩ። እዚ እዩ ሓለገት ናይ ሓደ ጥዑይን ሓቀኛን ክርስትያን። መስዋዕታዊ ፍቕሪ ትዕግስቲ ዝሰፈኖ ክኸውን ይግባእ ንስቓያት ብዘይ ምግሩምራም ምእንቲ ክጸውር፥ ኣብ ጊዜ ፈተና ጽንዓት ኣብ ጊዜ ተቓውሞን ኣብ ጊዜ ጸገምን ጸኒዕካ ምቕጻል።

ቅ. ጳውሎስ ንባህርያት ፍቕሪ ኣብ 1ቆሮ 13 ኣግፊሑ ይገልጸልና። ፍቕሪ ዓቃል፥ ለዋህ፥ ዘይትቐንእ፥ ዘይትጅሃር፥ ዘይትዕበ፥ ስዲ ዘይኮነት፥ ንኣይ ይጥዓመኒ ዘይትብል፥ ኣይትቑጣዕን፥ ኣይትቕየምን. . . . እናበለ ከመይ ዝበለ ፍቕሪ ክንሕዝ ከምዘሎና ይገልጽልና።

ኣምላኽ ሎሚ እውን መለልይና ፍቕሪ ክንገብር እዩ ዝደልየና ዘሎ። ሓቀኛ ፍቕሪ ብዝኾነ ምኽንያት ክፈርስ ወይ ክቕየር ኣይክእልን እዩ። ጥዒሙካ ሓሲሙካ ዝቕየር ኣይኮነን ዘፍቅር ኩኖ ጸገማት ዘሎ ሰናይን ጥዑምት ርእዩ ክኽእል ኣለዎ። እዋና ፍቕሪ ዝወሓዶ ካብ ክንፋቐር ክንጻላእ እንቀዳደም ኮንካ ዝርአየሉ ኢና ዘሎና። እንታይ እዩ ከይነፍቅር ጸገም ኳንና ዘሎ ኢልና ክንሓትት ጽቡቕ እዩ።

- **ሰይጣን ተዓዊትልና ኣሎ።** ሰይጣን እታ ቀዳመይቲ ዓወቱ ኣብ መንጎ ኣምላኽን ሰብን ኣብ መንጎ ሰባት ፍቕሪ ፈልዩ ክክእል እንከሎ እዩ። ንቀዳሞት ወለድና ዝተዓወተሎም ፍቕሪ ኣምላኾም ብማዕዶ ከምዝርእዩ ምስ ገበሮም እዩ። ንኣና እውን ተዓዊትልና ዘሎ ንቦታ ኣምላኽ ዝኾነ ሕልናና ንሱ ክወርሶ ስለ ዝኸአለ ክነፍቅር ኣይንኽእልን ኣሎና።
- **በደልና ኣይንርእይን ኣሎና።** ተጋግየ በዲለ ኢሉ ምስ ሕልንኡ ዝዛረብ ተሳኢኑ። በደልቲ ካልኦት ጥራሕ እዮም ኣነ ሓንቲ በደል የብለይን ብሃልቲ ኮና። እዚ ኣብ ናይ ሓሶት ዓለም ከም እንነብር ገሩና ኣብ ጽልእን ቅርሕንትን ንነብር ኣሎና። ኣብ ልብና ተመሊስና መጀመርያ ብበደልና ንተኣመን ድሕሪኡ ንሓውና ክንደሊ ክነፍቅር ኢና።
- **መገዲ ጸጋም ዝሕብር በዚሑ።** ነቲ ሓቅን ሕይወትን መንገድን ዝኾነ ክርስቶስ ሓዲግና ካልእ ጓል መንገዲ ክንመርጽ ስለ እንደሊ ፍቕሪ ጎዲሉ። እቶም ክርስትያን እንብሃል እኳ ሓደ ክንከውን ኣይከኣልናን። ምኽንያቱ ነቲ ሓቀኛ ትምህርቲ ክርስቶስ ከምቲ ንሕና እንደልዮ ክኸውን ስለ እንደሊ። ማእከል ሕይወትና ክርስቶስ ገርና ስለ ዘይንጉዓዝ ዘሎና ፍቕሪ ጎዲሉ።

- **ሓቀኛ ትርጉም ፍቕሪ ጎዲሉ።** ሰብ ሎሚ ፍቕሪ ብግዙፋውን ሥጋውን ጥራሕ ክርእዮ ደልዩ። ሓቀኛ ፍቕሪ ኣብ ክርስቶስ ጥራሕ ኢና እንምሃሮ። ምእንቲ ሓቅን ርትዕን ኢልካ በጃ ምኳን። ሓቀኛ ፍቕሪ ኣብ ሞት እዩ ዘብጽሕ ሽዑ ክትንሥእ ኣየጸግምን።

ኢየሱስ ሎሚ ሓዲስ መጸዋዕታ የቕርበልና ኣሎ። ኣዕሩኹ ኮና ሓደስቲ ፍጥረት ክንከውን። ሓደ ፈረንሳዊ ጸሓፋይ ሄንሪ ባርቡስ (1874-1935) ዝብሃል ኣብ መንጎ ክልተ ውጉኣት ወተሃደራት ኣብ ቀዳማይ ውግእ ዓለም ኣብ ሓደ መዕቆቢ ቦታ ዝተገብረ ዝርርብ ይትርኽ። ሓደ ካብቶም ወተሃደር ክመውት ቍሩባት ደቓይቕ ተሪፈንኦ ከምዘለዋ ዝተረድአ ንሓደ ብጻዩ ድሚኒክ ስማዕ ሕማቕ ሕይወት ከም እትነብር ኩልና እንፈልጦ እዩ። ኣብ ዝኸድካ ኸድካ ብፖሊስ ምስተደለኻ ኢኻ ኣነ ግን ወላ ሓንቲ ጸገም ከምዘይብለይ ትፈልጥ ኢኻ፥ ስመይ ንጹሕ እዩ፥ ስለዚ እንካ ነዚ ማሕፉዳይ ዋለተይ ውሰዶ ኩሉ ወረቓቕተይ፥ መንነተይ፥ ነቲ ጽቡቕ ስመይ ሕይወተይ እንካ ቀልጢፍካ ውሰዶ እሞ ኩሉ ናትካ ወረቓቕቲ ሃበኒ ኩሉ ነቲ በደላትካን ሕማቕ ግብርኻን ምሳይ ሒዘዮ ክመውት ክቕበር ኢልዎ ይብል።

ሓዲስ ሰብ ክኸውን እሞ ኩሉ በደላቱ ክቕበር። እዚ እሙን ወተሃደር ነቲ ዓማጺ ብጻዩ ሓዲስ ሕይወት ክጅምር ነታ ዝለዓለት ህያቡ ክህቦ ኣቕሪብሉ። ፍቕሩ ሓልዮቱ ክሳብ ሞት ገሊጽሉ። ፍቕሪ ክንገልጽ ብርቱዕ ትብዓት የድሊ። ጋንዲ ኣብ ዝጽሓፎ “ፈራሕ ፍቕሪ ገሊጹ ኣይክእልን እዩ፥ ፍቕሪ ናይ ንፉዕ ሰብ ጥራሕ መንነት እዩ” ይብል።

ኢየሱስ ዘረጋግጸልና ፍቕሪ ዘበለ ኩሉ ፍረ ኣልኦ ኣብ ገለ እዋን ንገለ ሰባት ጽቡቕ ምግባር ክሳራ ጊዜኻ ምሕላፍ ኮይኑ ይስምዓና እዩ፥ ሰባት ኣየመስግኑን ኣብ ገለ እዋን እቶም ጽቡቕ ዝገበርናሎም ኣንጻርና ይኾኑ። እዚ ኾይኑ እቲ ተስፋ ክንቆርጽ የብልናን ምኽንያቱ ምኣስን ብኸመይን ግብርና ፍረ ከምዘፍሪ ኣይንፈልጥን ኢና፥ እምነትና ኣብ ኢየሱስ እዩ “ፍቕሪ ፍረ ተፍሪ እያ”።

እታ ኢየሱስ ኣብ ልዕሊ ኣርድእቱ ዘውረዳ ፍቕሪ ፍረ ፈርያ፥ ክሳብ መወዳእታ ዓለም ፍቕሪ ኣምላኽ ክሰብኩ ጽቡቕ እናገበሩ ተጓዖዞም ተዋሪዶም መብዝሕትኦም ብሰማዕትነት ንሓቂ መስኪሮም። ነዚ ምስገበሩ ፍቕሪ ክርስቶስ ኣብ ብዙሓት ሰባት ፍረ ኣፍርያ። ምእንቲ ካልኦት ክሓልፈሎም ንኣምላኽ ክፈልጡ በጃ ዝሓለፉ ብዙሓት እዮም። ኢየሱስ “ካብ ርእስኻ ኣሕሊፍካ ምሃብ ዝዓቢ ፍቕሪ የሎን” ይብለና። ሰባት ክድሕኑ ካብ ክፉእ ክምለሱ ተስፋ ከይቆረጽና ብትዕግስቲ ጸርና ክንጉዓዝ ይግባእ። ብርግጽ ከም ሰባት ክንደክም ይክኣል እዩ ግን ሓግዘና ኢልና ንለምኖ።

ኣፍቕር እሞ ድላይካ ግበር ይብል ቅ. ኣጎስጢኖስ ሓንትስ ኣፍቂርና ንኽኣል እምበር ኵሉ ክበርሃልና እዩ። ክነፍቅር ከሎና ንርእስና ኣብ ኣምላኽ ነወሃህድ ባህሪ ኣምላኽ ንለብስ ሽዑ ንቅኑዕ መገዲ ክንጉዓዝ ዘሰክፍ የብልና፥ ኲኖቲ ጽልእን ክፍኣትን ዘሎ ትንሣኤን ሰላም ክንርኢ ክንክእል ኢና።

ፍቕሪ ኣምላኽ ኣባና ከምዘሎ ኣብ ዕለታዊ ሕይወትና ክነርእዮ ትሑዛት ኢና። ብፍላይ ነቶም ኣብ ልዕለልና በደል ዝፍጽሙ ነቶም ብሓሶት ስምና ዘካፍኡ ዝጸልኡና ነዞም ኩሎም ክንጽልየሎም ክንምሕሮም እንከሎና ዕዉታት ኢና። በብዝተፈላለናዮ እንተ ርሓቕና ንኣምላኽ ኣይክንረኽቦን ኢና። ሕይወት ትርጉም ዝህልዎ ነቲ ንጸጋም ኣቢሉ ዘሎ ኣብ የማን እንተ መለስና ንዝተጋገየ እንተ መሓርና እዩ እሞ ዘራእቲ ፍቕሪ ዓቀብቲ ሕያውነት ንኹን።

ኦ ንኹሉ ብሓደ እተፍቅር ኣምላኽ ንኸማይ ዝበሉ ሰባት ከምቲ ንስኻ እትደልዮ ከፍቅር ሓግዘኒ ጸጋኻ ሃበኒ እናበልና ንለምኖ ክሰምዓና ኸኣ እዩ።

ብሩኽ ሰንበት።

ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ